# ዝተበላሸወ ይታዓረ

25.01.2018

ብበላይ መስፍን

ሃገር ወዲቓ ኣብ ዝኸበደ ጸገም
ጊዜ ከይከደካ ንዓ ተቓዳደም
ባዕልኻ ከለኻ መን ክዕደም

ነቲ ዝተበላሸወ ንምዕራይ
ንዓ ዘቲ ብዘይካ ምኹራይ
ንኽይባላሾ ናትካ ውራይ

ንየው በሎ ስሓቦ ጉተቶ
ብገርህኻ ታርኽ ከይትጎትቶ
ዝተጋገ ታሪኽ'ዩ ክሓትቶ

ከም ጲላጦስ ኢድካ ትሓጸብቦ
ንጸላእ ህዝብኻ ሕፍረት ኣጎልብቦ
ህዝብኻ ኣውጽኣዮ ካብዛ መጻብቦ

ታሪኽ ስራሕ ካልእ ንየው በሎ
ህዝንኻ ኢዩ ዝጋላታዕ ዘሎ
ካብ'ዚ ሕማቕ ናብራ ገላግሎ

ብቓልሲ ህዝብና ጎዲሉ
እቲ ጉዕዞ መትሓዝያ ዘይብሉ
ዝነበረ ተስፋ ሞት ኢዩ ኣኸቲሉ

እቲ ሕማቕ ናብራ እኳ ተሳኢኑ
ድሕሪ ናጽነት ኢዩ ኩሉ ተበቲኑ
ኣብ ሃገር ዘሎ ግደ ንብዓት ኮይኑ

ዝሕጎሰ የብላን እታ ሃገር
ካብኡ ኣይንጸበ ዝኾነ ቁምነገር
ዝቐሰነ የለን እንትርፎ ዝሸገር

ከይንምሕላ ሃገር ኮይናትና
ከይንሕልዋ ዓቕሚ ጎዲሉና
ኣይጕደል ጥራይ እቲ ሕልና

ጉዳይ ህዝብና ወዲቑ ኣብ ሓደጋ
ሸመታ ኮይኑ ብመስርዕ ብሪጋ
የኽፍሉኻ ድማ ክብ ዝበለ ዋጋ

ኣብ ስደት ዘለኻ ንኹሉ ተንትኖ
ጉዳዩ ኣይዕረን'ዩ ኩሉ ብዘይኣምኖ
ዝሓይሽ መኺርካ ንዓ ተሰፋ ኩኖ

ብዓል ንያት ዘይውዳእ ተስፍኡ
ደቅና እንዳበለ ናጽነት ኣምጺኡ
ሕጂ እንደሞ ዕድሉ ከፊኡ

ወሪዱና ዘሎ ዘይውዳእ ሰበቡ
ደቂ ሃገር ንው ተጣበቡ
ዝገደደ ሕሰም ከየስዓቡ

ወረ እንታይ ኢዩ ዝብሃሎ
ዘለና ሽግር ገመል ዘይተልዕሎ
መገዲ ኢዩ ጠፊኡና ዘሎ

ሃገር ከይትጠፍእ ከምዚኣ እንዳበልና
ስሚዕትኩም ይኹን ስሚዕትና
ገለ ንግበር ንው ሓደ ኰና

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና